




**Friday, May 23, 2005 | News.Asmarino.Com**

"msmer Awdi tariK" by Antonio Tesfay

**ADVERTISERS**

.




## ዘመነ ክፍልታት

**1965-1968**

ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ካብ 1965 ክሳብ 1968 ኣብ ዝነበረ መድረኽ ብረታዊ ተጋድሎ ኣብ ዘመነ ክፍልታት ተባሂሉ ዝጽዋዕ መደባት ክፍሊ ሰራዊት እዩ ሓሊፍዎ።ዘመነ ክፍልታት መጀመሪያ ኣብ ኣርባዕተ ዝተመደበ ጸኒሑ ሓሙሽተ ክፍልታት ዝሓቖፈ ምምሕዳር እዩ ኮይኑ።ሰራዊት ሓርነት ኣብ ሓሙሽተ ዝተፈላለያ ክፍልታት ተመዲቡ ክቃልስ ዝተገብረ ትልምን ሓሳብን ኣብ መወዳእትኡ ድማ ውሳኔ ኰይኑ ዝቐረበ ባዕለዋይ ባይቶ ዝወሰዶ ኣገባብ ቃልሲ ነበረ።እዚ ድማ ኑቲ ኣብ ወታሃደራዊ ዋዕላ ኩር ዘብጽሖ ሽግራት ንምፍታሕ ተባሂሉ ዝቀረበ እንክነብር ተመሊሱ ሽግራት ዘብኣሰን ንዝኸፍአ ኣንፈት ዝመርሖ ጉዕዞ ቃልሲ ኰነ።

ባዕለዋይ ባይቶ ነዚ ዝመስል ስርርዕ ሰራዊት ኣብ ሜዳ ክተኣታቶ ክትጽዕር እንከላ ኣብ ርጉጽ መጽናዕቲ ዘይተሞየደሉ ምስ ሕብረ ብሄራዊ ኣቋውማ ማሕበረሰብ ኤርትራ ዘይከይድ ነበረ።ይኹን ደኣ'ምበር ነዚ ጉዳይ ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ብመጠኑ ኀስጕሳትሉን ሰውራ ወይ ገድሊ ኣልጀርያ ነዚ ዝመስል ስርርዕ ሕዙ ዕዉት ስራሓት ከም ዘካየድ ብምጥቃስ ኣብ ኤርትራ ድማ ክገልግል ከም ዝኽእል ተኣማንነት ተነብርዎ ሰራዊት ሓርነት ብክፍልታት ተመዲቡ ገድላዊ ዕማሙ ክሰላሰል ተገብረ'ሞ ብመጀምርያ ኣብ ኣርባዕተ ክፍልታት ከምኡ'ውን ሓንቲ ነፍሳ ዝኸኣለት ክፍሊ ታዕሊ ተመስረታ።

እዚ ዝዓይነቱ መደብ ሰራዊት ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ካብ ዝተመደበለን ከባቢ ወጻኢ ሓንቲኳ ይኹን ሓልፍነት ኣይነበረንን።እቲ ኣብ ክፍልታት ዝነበረ ኣካይዳ ኑቲ ሃገራዊ መንፈስ ኣዳኺሙ ብመምርሒ መሰረት ኣብ ነፍሰ ጭውያ ኣእተዎም።እቲ ቀንዲ ምፍልላይ ድማ ካብ'ቲ ግዙእ መጽናዕቲ ዘይተሞየደሉ መምርሒ ዝመንጨወ ነበረ።

መምርሒ ክፍልታት ሓላፍነት ክፍልታት፡ዕ ብየተን፡ምንቅስቓሰን፡ንጥፈታተን ካብ'ቲ ዝውክልኦ ዞባ ስለ ዘይሓልፍ ተምሳል'ቲ ዞባ ኰይነን ክኸዳ ገደደን።ሓንቲ ክፍሊ ሰራዊት ክትምልምል እንተደኣ ኰይና ካብ'ቲ ዘላቶ ዞባ እያ ክትምልምል ዝፍቀደላ ዝነበረ። ምእንቲ'ዚ ኣታ ክፍሊ ገባራትን ሓዳጊትን ዞባ ኣብ ልዕሊ ምኺና ደቂ'ቲ ዞባ ድማ ከም ቀንዲ መድሕኖም ገጢሮም ዝጥምትዋን ዝርእይዋ ኣብ ዞባዊ ጸጊዕነትን ትምክሕትን ብኡ ኣቢሉ ድማ ኣብ ዲቕ ዝበለ ሃይማኖታውን ኣውራጃዊ ዓሌትነት ከም ዘምርሕ ሓገዘ።ኣብ ከምዚ ዝተገልጸ ደረጃ ምዕባለ ክፍልታት ዝመስልወን ሰራዊት መልሚለን መሳርዐን ኣብ ዘደልደላሉ እዋን እቲ ሓድሕዳዊ ምትሕግጋዝ፡ሓባራዊ መደብ ዕዮ፡ሓባራዊ ጉዕዞ ተረፉ ዞባዊ

[illegible]
ሓድሕዳዊ ምትሕግጋዝ፡ሓባራዊ መደብ ዕዮ፡ሓባራዊ ጉዕዞ ተረፉ ዞባዊ ክፍላዊ ኣሰራርሓ ኣንጻማዕበለ ከደ።ንኣብነት ሓንቲ ኣውራጃ ከም ክፍሊ ኣብ ዝቆመ5ሉ ግዜ እቶም ትምልምሎም ተጋደልቲ ካብ'ዛ ኣውራጃ ጥራሕ'ዮም ክምልመሉ ዝግብኦም።በዚ መሰረት ድም እታ ክፍሊ ሓደ ዓይነት ቋንቋ ባህሊ ዝምባሊታት ዘለዎም ተጋደልቲ ተሰልፍ።ምንጭ ግርጭት ድማ ኣብኡ ይጅምር።

መደባት ክፍልታት

ቀዳመይቲ ክፍሊ ኣውራጃ ባርካ
ካልኣይቲ ክፍሊ ኣውራጃ ሰንሒት
ሳልሰይቲ ክፍሊ ኣውራጃ ሰምሃር
ራብዓይቲ ክፍሊ ኣውራጃ ኣከለጉዛይ ከምኡ'ውን ክፋል ኣውራጃ ሰራየ ኣብ ትሕቲ
ሓላፍነት መራሒ ራብዓይቲ ክፍሊ ነበረት።
ሓሙሸይቲ ክፍሊ ሓማሴን(ድሒራ ዝቆመት ክፍሊ'ያ)

<u>መራሕቲ ክፍልታት</u>

ቀዳመይቲ ክፍሊ ማሕሙድ ዲናይ
ካልኣይቲ ክፍሊ ዑመር እዛዝ
ሳልሰይቲ ክፍሊ ዓብደልከሪም ኣሕመድ
ራብዓይቲ ክፍሊ መሓመድ ዓሊ ዕማሮ
ሓሙሸይቲ ክፍሊ ወልዳይ ካሕሳይ

**Previous | Next**

Copyright © 2001- 2003 Antonio Tesfay. All rights reserved. Republication or redissemination of the contents of this screen are expressly prohibited without the written consent of Antonio Tesfay